# ሚ/ር ኣሕመድ ሓጅ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ ህዝባዊ ሰሚናር ኣካይዱ።



መልበርን 06 መስከረም 2010

ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሚ/ር ጸዓትን ማዕድንን ኣቶ ኣሕመድ ሓጅ ዓሊ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝ፡ ህልው ኩነታትን ሃገርናን ከባቢኡን ብዝምልከት ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ከምዘካየደ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ ከተማ መልበርን ሓቢሩ።

ሚ/ር ኣሕመድ ሓጅ፡ ኣብ ኤርትራ ብውህደት ህዝቢ፡ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻል ሃገርን ዝካየድ ዘሎ ሰፋሕቲ መደባት ልምዓት ጽቡቕ ገስጋስ የመዝግብ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን'ውን ንዘርእይዎ ዘለዉ ዕዙዝ ተሳትፎን ኣበርክቶን መጕሱ፡ ብዝልዓለ ደረጃ ክቕጽልዎ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ንህልው ኩነታት ሃገርናን ከባቢኡን ኣመልኪቱ ሚ/ር ኣሕመድ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ኣብ ዞባና ብሓፈሻ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ምርግጋእ ሰላምን ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ንኽነግስ ዘይሕለል ጻዕሪ ከካይድ ብምጽንሑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ፍሪኡ ዝርኣየሉ እዋን ከምዝተበጽሐ ገሊጹ። ኣስዒቡ ሚ/ር ኣሕመድ ነቲ ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ጅቡቲን ብናይ 'ዶብ ሰበብ' ተላዒሉ ዝነበረ ዘይምርድዳእ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ከምቲ ካብ ፈለማ ክብሎ ዝጸንሐ፡ እቲ ጉዳይ ናይ ዶብ እንተኾይኑ ብምርድዳእ ናይ ክልቲኤን ሃገራት፡ ወይድማ ብሕጋዊ ኣገባብ እምበር፡ ብቐጥታ ወይ'ውን ብተዘዋዋሪ ብዝካየድ ሽርሕታትን ታህዲድን ከምዘይኮነ ኣብ ዝብል እምነቱ ስለዝጸንዐን፡ ኩሉ'ቲ ዝተፈተን ውዲታትን ናይ ተጻባእቲ ጎረባብቲ ዝብሃላ ሃገራትን ሓያላት ኢና ዝብላ ሃገራትን ከይተረፈ ዝተዋስኣሉ ከንቱ ድራማ ኣፍሺሉ፡ በቲ ዝጥዕሞን ኣብ እዋኑን ነቲ ጉዳይ ብሞንጎኝነት መንግስቲ ቐጠር ናብ ጽቡቕ መንገዲ ኣምሪሕዎ ከምዝርከብ ገሊጹ። ብተወሳኺ ሚ/ር ኣሕመድ፡ እዚ ዓወት'ዚ ብተሳትፎ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ሓፋሽ ህዝብና ስለዝኾነ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን እውን፡ ብሰበብ ናይ'ዚ ጉዳይ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝተውጣወጠ ናይ እገዳ ምፍርራሕ ንምምካት ኣንጊሁ ንዝተበገሰሉ ጉዳይን ክሳብ ለይቲ ሎሚ ከይደቀሰ ንዝካይዶ ዘሎ መኸተ ምስጋና ይግባእ ክብል ገሊጹ።

ብተወሳኺ ሚ/ር ኣሕመድ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ማሕበራዊ ፍትሒ ንምስፋን ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ብዝርዝር ክገልጽ እንከሎ፡ ብፍላይ ኣብ ጽላት ዕደና ኤርትራ እተርእዮ ዘላ ቅልጡፍ ገስጋሰ ንኣውፈርቲ ዓለምና መስሕብ ኮይኑ ከምዘሎ ገሊጹ። ብድሕሪ'ዚ ህዝቢ ንዘቕረቦ ርእይቶታትን ሕቶታን መልሲ ድሕሪ ምሃብ፡ ህዝቢ ንዝተዋህበ መግለጺ ድሕሪ ምምስጋን፡ ኩሉ ድሕሪ ሃገር ስለዝኾነ ይርሃው ይጽበብ ክሳብ መወዳእታ ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኮይኖም ንኹሉ ተጻብኦታት ክብድሁ ምዃኖም ገሊጾም።

ኣብ መጨርሻ ድማ፡ ሚ/ር ኣሕመድ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ስድራቤት ሰማእታት ንዝመወሉን ኣብ'ቲ ማሕበረ-ኮም ልዑል ተራ ዘለዎም ኣባላት ካብ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ንዝተዳለወ ናይ ምስጋና ሰርቲፊኬት ዓዲሉ።

ሚ/ር ኣሕመድ ሓጅ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ፐርዝ ንሰለስተ መዓልታት ተጋቢኡ ዝቐነየ፡ ዋዕላ ኣውፈርቲ ዕደና ክሳተፍ ድሕሪ ምቕናዩ፡ ሎሚ ወጋሕታ ናብ ኤርትራ ክምለስ እንከሎ፡ ናብ ከተማ ማዕርፎ ነፈርቲ ፐርዝ ኣብ ዝበጽሓሉን ዝተመለሰሉን እዋን፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ በሽር እድሪስ ኑርን፡ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ፐርዝን ድሙቕ ኣቀባብላን መፋነውን ከምዝገበሩሉ ካብ ከተማ ፐርዝ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

